
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.211 | ሰንበት 4 ግንቦት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ስለምንታይ ኢና ንኣርግ፧


ገጽ 3
ኢሪክ ወይሀንማየር


ገጽ 4
ካዳስተር፡ ከም መሳርሒ . . .


ገጽ 5
‘መስተንክራውያን ጽርግያታት . . .


ገጽ 7
“ሳዋ ስንሰለት ታሪኽ ኣጽኒዑ፡ . . .


# ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኣኼባ ኮ/ሰብኣዊ መሰላትን መሰላት ኣህዛብን ኣፍሪቃ መደረ ኣስሚዑ



ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ኣቶ ቢንያም በርህ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 2 ክሳብ 22 ግንቦት ኣብ ባንጁል - ጋምብያ ኣብ ዝቃነዕ ዘሎ መበል 83 ስሩዕ ኣኼባ ኮሚሽን ሰብኣዊ ማሰላትን ማሰላት ኣህዛብን ኣፍሪቃ መደረ ኣሰሚዑ።

ኣቦ'ቲ ዘቕረቦ መደረ፡ ኣቶ ቢንያም፡ ዓለማዊ ስርዓት ኣብ ቅልጡፍ ማስርሕ ምስትኽኻል፣ መዋቕር እኹ ቀጻሪዊ ሓይሊ ድማ ኣብ ማሲጋገሪ መድረኽ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ሕመረት ሓሳባት ናይ'ቲ ዝሞህምን ዘሎ ስርዓት፡ ድሕሪ ደጊም ከም እኹ ኣማራጺታት ዝኸውሉ እዋን ከምዝበቕዐ ብምጥቃስ፡ ሎሚ ኣፍሪቃ ኣጀንዳ ሰብኣዊ ማሰሊታ ብመንጸር ቀዳምነታታ እትውንዙን እትቈጻጸረሉን እዋን ከምእተበጽሐ፣ ሃገራት'ታ ኣህጉር ድማ ኣብ ምዕቃብ ሰብኣዊ ማሰላት ኣህዛበን ቀዳሞት ተዋሳእቲ ከምዝኾና ዘረጋግጸሉ ዕድል ተረሒቡ ከምዘሎ ገሊጹ።
“ሰብኣዊ ማሰላት” ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ከም መናሸዊ ሃገራት ኣፍሪቃ ኩይኑ ከገልግል ምጸንሑ ዝጠቐሰ ልኡኽ ኤርትራ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ጉዳይ ምወላ ናይተን “ተሓለቕቲ ሰብኣዊ ማሰላት” ዝበሃላ ዘይመንግስታውያን ውድባት ዝቃልዖ ሓቂ፡ ቀንዲ ዕማም ናያዘን ውድባትን ትካላትን፡ ምኽዋል ፖለቲካዊ ኣጀንዳ መወልተንን ምዝዋሕ ሃፍትታት ደገምተንን ከምዝኾነ ዘጸር ምኻኑ ገሊጹ።

ልኡኽ ኤርትራ ኣብ መወዳእታ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ሓለፍቲ ምዕቃብን ምውሓስን ሰብኣዊ ማሰላት ህዝበታተን ክንሰን፡ ቀዳሞት መዋቕር ሰብኣዊ ማሰላት ድማ፡ ቀዳሞት ዝገበሮ ክፋል ህዝበታት ኣፍሪቃ ክገጽሮቕ ከምዝኾኑ ኣገንዚቡ።

# ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ፡ ኣብ ልምዓት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኣተባቢዖም

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተጋደልቲ ክፍላተ-ሰራዊት 70.16 ነበር፡ ኣብ ጋዴን፡ ደቀምሓረን ዓዲ-ሓውሻን ኣብ ልምዓታዊ መደባት ተዋፈርም ንዘለው ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንምትብባዕ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ተኸፋፊሎም ትማሊ 3 ግንቦት ዑደት ወዲቦም።

እቶም ኣባላት ማሕበር፡ ኣብ ጋዴን ትሰርሓ ዘላ ዲጋ ሰረደቐ ኣብ ዝጸሓሉ፡ ኑቲ ስራሕ ዝመርሐ ዘሎ መሃንድስ ኣማኑኤል ተኽሉ፡ እዛ ማስርሕ ህንጸታ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2024 ዝጀመረ ዲጋ፡ ምስ ተዛዘመት 40 ሜትሮ ቁመትን 40 ሜትሮ ጎኒ ከምዝህልዋን ልዕሊ 2 ሚልዮን ሜትር ኩቦ ማይ ከምእትሕዝን ገሊጾሎም።

ብዘይካ'ዚ፡ ማስርሕ ህንጸቱ 85 ሚኢታዊት ዝተዛዘመ፡ 19 ብሎኮትን ሰለስተ ኢጋንእ ጸሩይ ዝሰተ ማይን ክልተ መጠረቓሚ ረሳሕ ፈሳሲ ባኮታትን ዘጠቓልል ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ እዚ ማእከል በጺሖም።

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዝስራሕ ዘሎ ቤት-መዘክር ሰማእታት ንምዕዛብ ኣብ ዝተገብረ ዑደት ድማ፡ እቲ 665 ትርብዒት ሜትሮ ስፍሓት ዘለዎ ፕሮጀክት፡ ልዕሊ ሓደ ኪሎሜትር ቀጽሪ 30 ሜትሮ ሓወልቲ፡ ኣግራብን ዕንባባታትን ከምኡ'ውን ንሓደጋት ብሄራትን ዝተኸፍለ ሪዚን ማሰዋእትን ዝገልጽ ሕላገታትን ከምዝጠቓልል ተገሊጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ማስርሕ ህንጸት ዝርከብ መቓብር ሓርበኛታት ሰማዙሱሓርቲ ዝጸሓሉ ኣባላት ማሕበር ብወገኖም፡ እቲ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2023 ዝተጀመረ ስራሕ፡ ኣብ 3 ሄክታር ስፍሓት ዝተደኮነን 886 ሜትሮ ዝቑመቱ ናይ መንደቕ ቀጽርን ዘጠቓልል ምኻኑ፡ ኑቲ ስራሕ ዝኣሊ ዘሎ ኣቶ እዮብ ፍስሓጽዮን ኣብሪሁ።

እቲ ፕሮጀክት፡ 30 ሜትሮ ዝቑመታ ሓወልቲ፡ ንመንግጫዕግዒታ ዘገልግል ክልተ ባኮታት ማይ፡ 40 ትርብዒት ሜትሮ ስፍሓት ዘለዎ ናይ ትሕቲ መሬት መናፈዚዕ፡ ንቤት-ጽሕፈትን ሓለዋን ዘገልግል ክፍልታት፡ ከምኡ'ውን 1,500 ኣግራብ የጠቓልል።

ኣቦ'ቲ ኣብ ጋዴንን ደቀምሓረን ዝተኻየደ ስነስርዓት፡ ኣዛዚ እዚ ማእከል ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ክፍላይን ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ መሳን ዝርከብዎም ሰብ-ስልጣናት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ ሰለስቲኡ ኢጋጥሚታት፡ ኣቦዳቲ ኣባላት ክፍላተ-ሰራዊት 70.16ን ኣዘዝቲ ናይተን ኣቦ'ቲ ስራሕ ዝተዋፈራ ኣሃዱታት እዚ ማእከልን ንኣበርክቶ ሰራዊትን ህዝብን ዘመጉስ መደረታት ከስምዑ ከለው፡ ብሓባር ተዘናጊዮም።



# ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ሓጋዝ ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ ከቢድ ንዋታዊ ዕንወት ወሪዱ

ብ2 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕራቐትሪ ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ሓጋዝ ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ከቢድ ንዋታዊ ዕንወት ወሪዱ።
ሓላፊ'ቲ ኮማዊ ሆስፒታል ነርስ መንሱር ኣብብከር ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ ሓደጋ 7 ክፍልታት ምስ ምሉእ ንብረቱ ከምኡ'ውን ናውቲ ጸሓያዊ ጸዓት ከምእተሃመኸ ብምግላጽ፡ ህዝቢ ምስ ኣገልግሎት መጥፋእቲ ሓዊ ብምትሕብባር ኣብ ምቍጽጻሩ ዝርኣዮ ምትሕብባር መጒሱ።
በቲ ሓደጋ፡ ኣብ ህይወት ሰብ ዝወረደ ጉድኣት የለን።
ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኒጋሲ ተኽስተ ብወገኑ፡ ጠንቂ'ቲ ሓደጋ ብርቱዕ ንፋስ ዘስዓቦ ምትንኻፍ መስመራት ሓይሊ ኤለክትሪክ ምኻኑ ዝእምት ሓበሬታ'ኳ እንተሎ፡ ንርግጽ መደምደምታ - እቲ ጉዳይ ኣብ ማስርሕ ምጽራይ ከምዝርከብ ኣፍሊጡ።
ብተመሳሳሊ ወገኑ፡ ብ25 ሚያዝያ ኣብ ዓዲ-ሓማድ - ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ኣረይ ብዘጋጠመ ብርቱዕ ህቦብላ ዝተሓወሶ ዝናብ፡ ዚንጎታት 6 መምሃሪ ክፍልታት ከምእተቐንጠጠ፡ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።


# ስለምንታይ ኢና ንእርግ፧

ሌ/ኮለኔል ፍስሃየ ኣድሓኖም
መኮንን ጥዕና - ሚኒስትሪ ምክልኻል
(መወዳእታ ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ስለምንታይ እዩ ሰብ ዝኣርግ፧ እርጋን ክዕንቶ ወይ ከኣ ደው ክበል ይኽእል'ዶ፧ ዝብሉ ሕቶታት ብምልዓል፡ ስነ-ህይወታዊ ኣቋውማ ብፍላይ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዋሕዮ ዝርከቡ ክሮሞዞምስ፡ ዲኤንኤ፡ ጅንን ህያስዮንን ብኸመይ ኣገባብ ከምዝሰርሑ ገሊጽና ነይርና። ኩሉም በብደረጅኡ ናብ ፍጹምነት ብዝቐረበ ኣገባብ ከምዝሰርሑ እውን ተመልኪትና። ከምኡ እንተኾይኑ ደኣ ስለምንታይ እርጋን ይህሉ፧ ዋህዮታት በቲ ዝጀመረዎ ዘይቅጽሉ፧ ዝብል ሕቶ እምበኣር መልሲ ክርከበሉ ዘለዎ እዩ። ነዚ ሕቶ'ዚ ዝምልስ ክልተ ምኽንያታት ይስዕቡ፦

ቀዳማይ፦ ነፍሲ-ወከፍ ዋህዮ ብህይወት ሃለዋታ ከተረጋግጽ መታን ንኹብሳ እናባዘሐት (cell division) እያ ዕድመኣ ትቕጽል። ምብዛሕ ዋህዮታት ግን ብፍኑው ብዝሒ ደብ ዝኸይድ ኣይኮነን። ክሳብ ዝተወሰነ ግዜ ጥራይ ከምዝቕጽል ኮይኑ ዝተወደበ (programmed) እዩ። እቲ ፕሮግራም ከኣ ኣብ ግዜ ደቂ ወይ ጥንሲ መሰረት ሂወት ክሕዝ ከሎ እዩ ዝዋደድ። ዋህዮታት ናይ ሰብ ካብ 40 ክሳብ 60 ዝበጽሐ ግዜ ጥራይ እዮም ዝባዝሑ። ብመሰረት'ቲ ህይወት ፍጥር ክበል ዝተሰርዐ ፕሮግራም ከኣ ዋህዮ ዕድመኣ ኣእኪላ ኣረጋ ትመውት። ነዚ ብተፈጥሮ ዝተዋደደ ፕሮግራም ወዲ ሰብ ክቕይሮ'ዶ ኣይምኸኣለን፧ ዝብል ሕቶ ከኣ ጀነቲካዊ ስነ-ፍልጠት ክሳብ ሕጂ ዘይመለሶ እዩ። ስለዚ እቲ ብፕሮግራም ዝተሰርዐ ዕድመ ሓንቲ ዋህዮ፡ ግዳማዊ ተጽዕኖ ኣብ ግምት ከየእተና ማለት እዩ፡ ብውሽጣዊ ኩነታታ ክርኣ እንከሎ እቲ ቀንዲ ምስጢር እርጋን ኮይኑ ይግለጽ።

ካልኣይ፦ ኣብ ኣካላትና ካብ ዝርከቡ ዋህዮታት ወይ ክሮሞዞምስ፡ መዓልታዊ ክሳብ 2 ትርልዮን ዝኾውን ዕንወት ወይ ብልሽት የጋጥም እዩ። ብልሽት ክሮሞዞምን ዲኤንኤን ጅንን ብውሽጣዊ ኩነታቶም ጥራይ ዘይኮነስ ብግዳማዊ ጽልዋታትን ይመጽእ እዩ። ንኣብነት ካብቶም ብግዳም ጠንቂ ብልሽት ዋህዮታት ዝኾኑ ንምጥቃስ እዞም ዝስዕቡ ንረኽብ፡ ሽጋራ ምትካኽ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ቀመማት (chemicals)፡ ብከላ ኣየር፡ ጨረርታ ናይ ጸሓይ፡ ራጅን፡ ኤም.ኣር.ኣይ.ን (MRI) መጠኑ ዝሓለፈ ኣልኮላዊ መስተ ወዘተ. ክጥቀሱ ይኽእሉ።



ይኹን ደኣ'ምበር፡ ኣካላትና ብዙይ ዕረፍቲ ንዝተባላሸወ ዋህዮታት ኣብ ምጽጋን ስለ ዝተጠፍ፡ ውሑዳት ካብ ቀጻጸር ወጻኢ ዝኾኑ ከም ሕማም መንሽሮ ጉዳፍኣ ካልኣት ቀጻሊ እዩ ጸገናታት ዝተፈደለም። እቲ ዘርዮም እቲ ዝተፈደ ጸገናታት ብዋጋ ካልእ ዕማማት ናይ ዋህዮ ስለ ዝኾነ ዋላ ይጽገን ሳዕቤን ምህላው ግን ኣይተርፎን። ስለዚ ካብ ምጽጋን ዘይምብልሻው ይሓይሽ። ብሓፈሻ ግን ህይወት ብዘብልሾትን ጸገናን እያ ትቕጽል። ሓደ ሓደ ግዜ ክጸገን ዘይክእል (irreversible damage) ዕንወት'ውን የጋጥም እዩ። ንኣብነት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክሮሞዞም ኣብ ክልተኡ ጫፋት ልክዕ ከም መእሰሪ ጫማ (ላቸ) እቲ ፈትሊ ከይብተን ኣብ ጫፉ ቀጥ ኣቢሉ ዝሕዝ ሓጺን ዘለዎ፡ (ወይ ቆብዕ) ብተመሳሳሊ መልክዕ ኣብ ጫፋት ክሮሞዞም ከኣ ንኸይብተን ኣስጢሙ ዝሕዝ ተሎምር (telomer) ዝበሃል ሞለኪውልስ (nucleotide) ኣሎ። እዚ ዓይነት ሞለኩል ምስ ዕድመ ምድፋእ እናውሓደ ወይ ከኣ ብመሰረቱ እና'ቋረጸ ምስ ዝኸይድ ጫፍ ክሮሞዞምስ ብዙይ መሸፈኒ ስለ ዝተርፍ ንሓደጋ ይቃላዕ። ንሱ ከኣ ብፍላይ እቶም ኣብ ጫፍ ክሮሞዞምስ ዝጸንሑ ዲኤንኤ እቲ ከም ቆብዕ ኮይኑ ከገልግል ዝጸንሐ ጠፊኡ ወይ ሓጺሩ ስለዝኾነ ክጸገኑ ክሳብ ዘይኽእል ደረጃ ክዮኑ ይኽእል። ምዕናው እዚ ሞለኩል ከኣ ንዲኤንኤ ስለዝጐዱ እርጋን ከም ዝቀላጠፍ ይገብር።

ተመራመርቲ ጀነቲካዊ ስነ-ፍልጠት ብፍላይ ከኣ ፕሮፌሰር ዴቪድ ሰንክላየር ብዘገበሮ ምርምር ንእርጋን ኩዕንቶ (longevity) ዝኽእሉ ፍሉያት 7 ጅናት ከም ዝተረኽቡ ይሕብሩ። ካብዞም ፍሉያት ዓይነት ጅናት ዝፈሪ ሓደ ሰርትዊን (sirtuin) ዝበሃል ኢንዛይም ኣሎ። እቲ ኢንዛይም ኣብ ኩሎም ዋህዮታት እዩ ዝፈሪ። ቀንዲ ስርሑ ከኣ ንዝኣረገ (senescence) ዋህዮታት፡ ኣድላይነቲ ዘይብሉ ግዜ ዝበልዐ ፕሮቲናትን ብዓብኡ ከኣ ተጓዳኢ ጫኢታታት ዘለዎም እኩባት ኣሰቲል ዝበሃሉ ውህዳት (acetyl group) ኣብ ዲኤንኤ ተሰጢፉ (tag) ንዝጸንሕ ሓጺቡ ዘጽሪ ኢንዛይም እዩ። ይኹን'ምበር እዚ'ውን እንተስ ብጉዳም ብዘፍጥር መጉዳእትታት ወይ ብዕድመ ምድፋእ ክውሕድ ወይ ከቋርጽ ስለ ዝኽእል እርጋን ከም ዝቀላጠፍ ይገብር። እዚ ልክዕ ከም ሓንቲ ክዳን ብርስሓት እንተተኸበአ ቀልጢፋ ትኣርግ ማለት እዩ። ብኣንጻሩ ንጡፍ ኮይኑ ብዙይ ምስንኻል ብዝኣክል ዓቕን ካብ ዋህዮታት ምስ ዝፈሪ ግን እርጋን ክዕንቶ ይኽእል እዩ። ጠንቁ ብዝኾነደስ መሰረት እርጋን ብሓፈሻ ክርኣ እንከሎ ነዚ ዝስዕብ ይመስል። ጉብዝና - ምዝንባል ክሮሞዞምስ - ብልሽት ዲኤንኤ - ምቕያር ዘይንበሩ ጅን - ዘይጽገን ዕንወት ዋህዮ - ዝተፈላለየ ዓይነት ሕማማት - ሞት።

## እርጋንን ሕማማትን

ፕሮፌሰር ዴቪድ ሰንክለር፡ ድሕሪ ዕድመ 60ታት ምጉዳል ጥዕና ቀልጢፉ ምኻኑ ይገልጽ። ካብኡ ሓሊፍካ ዕድመ እናወሰኽካ ምስ እትኸይድ ከኣ ዓይነት ህይወትካ ኣዝዩ እናጎደለ ስለ ዝኸይድ ምቹእነት ኣይትጸብ ብምባል ይውስኽ። ንኣብነት ምጉዳል ኣገልግሎት ኮራርምቲ፡ ኣዒንቲ፡ ኣእዛን፡ ምስትምቓር፡ ኣብራኽን ሕቖን ወዘተ. ጉዳፍኣ ምስ እርጋን ተኣሳሲርም ዝመጹ ሕማማት ብዙሓት እዮም። ንኣብነት ውሑዳት ንምጥቃስ እዞም ዝስዕቡ ንረኽብ፡

1. መንሽሮ
2. ካልኣይ ዓይነት ሽኮርያ
3. ሕማም ረሰዐ
4. ልዑል ጸቕጢ ደምን ሕማም ልብን
5. ሕማም ኩሊት
6. ኣልዛይመር
7. ፓርኪንሰን ወዘተ. ክንብል ንኽእል።

እርጋንን ሕማማትን ብኸመይ ክንቆጻጸሮም ንኽእል፧

### 1. ኣካላዊ ምንቅስቓስ

ክሳብ ሕጂ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንምክልኻልን ምቁጽጻርን ሕማማት መድሃኒት ምኻኑ ክእመነሉ ጸኒሑ እዩ። ሎሚ'ውን እንተኾነ ኣገዳስነቱ ኣብ ቦታኡ እዩ ዘሎ። ልክዕ እዩ ገለ ካብ ጥቕምታት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምጥቃስ ይከኣል እዩ፦ ጭዋዳታት ልብን ካልኣት ጭዋዳታትን የሐይል፣ ሰናቡእ ኣሐይሉ እኹል ኦክሲጅን ከም ዝቕርባ ይገብር፣ ኣብ ሰራውር ደም ክእከብ ዝኽእል ብዕኾኽ (plaque) ከም ዝጸረግ ይገብር እዩ። ብመሰረት ወጽኢት ሓደሽ መጽናዕትታት ናይ ዶክተር ዴቪድን ካልኣትን፡ ምዝውታር ኣካላዊ ምንቅስቓስ ካብዞም ዝገለጽናዮም ንላዕሊ ክሳብ ብደረጃ ዋህዮታት ወረድካ (cellular level) ጠቓሚ ከምዘለዎ ገሊጾም ኣለው። ንሱ ከኣ ሰብነት ሓያል ምንቅስቓስ ምስ ገበረ ልዑል ጸዓት ደብረብር'ሞ ብዘተዋዋሪ መንገዲ ሰርትዊን (sirtuin) ዝበሃል ኢንዛይም ብልዑል መጠን ኣብ ኩሎም ዓይነት ዋህዮታት ከም ዝፈሪ ይገብር። ሰርትዊን ኣብ ምሉእ ኣካላት ክህልዉ ንዘኽእሉ ተጓዳእቲ ጫኢታታት ከም እኩባት ኣሰቲል (Acetyl group) ካልኣት ግዜ ዝወሰዱ ፕሮቲናትን ከም ዝጽረጉ ወይ ዝሕጸቡ ይገብር። ብኸምዚ ምኽንያት ዋህዮታት ጥዕና ዘለዎም ዲኤንኤ ሒዞም ከም ዝቕጽሉ ይኾኑ። ስለዚ ሰብ ከም ዓቕሙ ብውሑዱ



ግን መዓልታዊ ካብ 20 ክሳብ 30 ደቓይቕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብሩ ኣለዎም። ከም ሓፈሻዊ መምርሒ ክረኣ ከሎ ዝሓየለ ምንቅስቓስ (vigorous exercise) ዝበለጸ ውጽኢት ከም ዘለዎ እቲ ሓደሽ መጽናዕቲ ይሕብር እዩ። እዚ ማለት ግን ንጥዕና ክሳብ ዝጎድእ ክኸውን የብሉን።

### 2) ጥዑይ ኣመጋግባ

ልዑል ካሎሪ ዘለዎም ዓይነት መግቢ ከም ስብሒ፡ ኩሎም ዓይነታት ሽኮርን ልዑል መጠን ፕሮቲንን ዘለዎም ዓይነት መግብታት ብብዝሒ ዘይምጥቃም። ክሳብ ዓጸቦ ዝበጽሕኳ ክኸውን እንተዘይብሉ ጥሜት ከም ዝስመዓካ ምግባር። ጥሜት ምስ ዝህሉ ኣካላትና ዘይምይቱጅእት ስለ ዝኾነ ከም ግብረ መልሲ ሰርትዊን ክፍሪ ናይ ምግባር ጥቕሚ ኣለዎ። ነዚ ንምግባር ከኣ ኣብ መኣዲ ከይጸገብካ ምኽላፍ፡ ካብ ምዱብ መግቢ ንለኡ ምስጋር፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ኢጋጥሚ ተረኺቡ ኣልካ መግቢ ዘይምብላዕ ወይ ዘይምስታይ።

### 3) መትፎርሚን ምውሳድ

ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮርያ ዘለዎም ሰባት መትፎርሚን ዝበሃል መድሃኒት እንተደኣ ኣብ ምቁጽጻር ሽኮር ኣድማዒ ተራ ከም ዘለዎ ኣረጋጊጾም ቀዳማይ ምርጫኦም ክገብሩዎ ኣለዎም። መትፎርሚን ብመሰረት እዚ ሓደሽ መጽናዕቲ ናይ 2019 ብዘይኣገ ንሽኮር ኣብ ደም ምቁጽጻር እዚ ዝስዕብ ጥቕሚ ከምዘለዎ ዶክተር ዴቪድ ኣብታ ህይወት ዕድመ (life span) ትብል መጽሓፉ ገሊጽዎ ኣሎ። መትፎርሚን ሕጂ'ውን ሰርትዊን ኣብ ዋህዮታት ከም ዝህሉ ብምግባር ካብዞም ዝስዕቡ ሕማማት ይኸላኸል። መንሽሮ፡ ሕማም ረሰዐ፡ ሕማም ልቢ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ዝኣመሰሉ ብኣሃዛ ኣሰገዩ ብምጕእታዊት ኣቕሪቦም ኣለዉ።

### 4) ጸረ ዕንወት ዋህዮታት (antioxidant) ምውሳድ

ኣካላትና ናይ ገዛእ ርእሱ ጸረ ዕንወት ዋህዮታት እኳ እንተሃለዎ ከም ተወሳኺ ቫይታሚን ሲ፡ ቫይታሚን ኢ፡ ቫይታሚን ኤ፡ ክወስዱ ኣለዎም። ዝርከብሉ ዓይነት መግብታት ከኣ ቀጠልያ ኣሕምልቲ፡ ካሮት ፍሩታታት ጸሊም ኩብዲ ወዘተ.

### 5) ንዝሑል ኩነታት ኣየር ዘይምፍራሕ

ዝሑል ኩነታት ኣየር ብተዘዋዋሪ መንገዲ ሰርትዊን ከም ዝበራበር ብምግባር፡ ኣብ ምጽራግ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ዝተፈላለዩ ተጓዳእቲ ጫኢታታት ዓቢ ተራ ስለ ዘለዎ ብኡ ኣቢሉ ድማ ዕድመ ናይ ሰባት ንምንዋሕ ጠቓሚ ይኾውን። ብዚ ምኽንያት ክረኣ ከሎ፡ ብኣሃዝ ዝተሰነየ ሓበሬታ እኳ እንተዘይሃለወ፡ ኣብ ዝሑል ከባቢ ዝነብሩ ኣህዛብ ዝነውሐ ዕድመ ናይ ምህላው ዕድል ክህልዎም ከም ዝኽእል ይግመት።

ኣብ መወዳእታ፡ ካብዚ ጽሑፍ'ዚ ክንመሃሮ እንኽእል ነገር እንተሃለወ፡ እርጋን ብመሰረቱ ክዕንቶ ይኽእል'ዶ ኣይኽእልን፧ ዝብል ሕቶ ንተመራመርቲ ጉዳይና፡ ክደናገዮ ይኽእል ምኻኑ ግን ብስነ-ፍልጠት ዝተረጋገጸ ምኻኑ ርኢና ኣለና። ስለ ዝኾነ ኑዶም ንእርጋን ከቀላጥፉ ዝኽእሉን ብኡ ኣቢሎም ከኣ ንሕማማት ዘቃልዑን ነገራት ኣለሊና ንምውጋዶም ወይ ንምንካዮም ክንሰርሓሉ ይግባእ።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ኤሪክ ወይሀንማየር

"ክልቲኦን ኣዒንተይ ድሕሪ ምስኣነይ፡ ድሕሪ ሓጺር ግዜ ንጓይነ ሰወራን ህጻናት ናብ እምባታት ምሕኳር ከምዝወሰድዎም ዝገልጽ ደብዳበ ተቐቢለ። ምስ ኑበሰይ ድማ 'እንታዋይ ጽሉል እዩ ንጓይነ ሰወራን ህጻናት ናብ'ዚ ኣጼጋሚ ቦታ ዋጋ ከፊሉ ዝወስዶም?' ኢለ ሓሲበ። ግና ክምዝዑብ ወሰንኩ። ዋላ'ኳ ኣብ'ተን መጀመርታ መዓልታት ብዙሕ ወረደን ደይብን እንተኸበረ፡ ብውልቀይ ኑቲ ዘጋጠመኒ ዝበረ ጸገማት ክፈትሖ ብምኽኣለይ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወተይ ሰንከልናይ ዓቢ ብድሆ ክኾነ ከምዘይክእል ተረዲኣ። ድሕሪዚ ናብ ልዕሊ ኣማኢት እምባታት ብውልቀይ ምሕኳር ከቢይድ ኣይተጸገምኩን። ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ'ቲ ዝበራ ናይ ዓለምና ዝኾነ እምባ ኤቨረስት ኩላኩር ኣይተጸገምኩን" ኢሪክ ወይሀንማየር።

ኢሪክ ሓደ ካብቶም ኣነቓቓሕትን ኣተባባዕትን ሰባት እዩ። ካብ ውልቃዊ ተመክሮኡ ዝተበገሰ መደረኡ ንህይወት ብዙሓት ሰባት ክትንክፍን ክምህርን ክኢሉ እዩ።

ኢሪክ ወይሀንማየር ኣብ 23 መስከረም 1968 ኣብ ፕሪንስቶን - ኒው ጀርሲ ተወሊዱ። ወዲ 15 ወርሒ ምስ ኮነ ድሒሩ ናብ ዕረት ክበጽሖ ዝኽእል ከቢድ ሕማም ሓመመ። ኣብ መበል 13 ዓመቱ ድማ ምሉእ ብምሉእ ዓወረ። ንሱ ተማሃራይ ከሎ ከምቶም መሳቱኡ ክኸውን ይደሊ ብምንባሩ ብሬይል ክይመሃር ይጽዕር ነበረ። ካልኣይ ደረጃ ምስ በጽሐ ድማ ሰንከልነኡ ከይበድሆ ኣብ ጸወታ ቅልስ ክሳተፍ ጀመረ። ካልኣይ ደረጃ ምስ በጽሐ ድማ ሰንከልነኡ ከይበደሆ ኣብ ጸወታ ቅልስ ክሳተፍ ጀመረ። ንዒሕ ከይጸንሐ ድማ ኣሰልጣኒ ናይ ጋንትኡ ኮነ።

ኢሪክ ወዲ 16 ዓመት ምስ ኮነ ከልቢ እናመርሖ ናጻ ኮይኑ ክንቀሳቐስ ጀመረ። ቀስ ኢሉ ድማ ናብ ንኣሽቱ እምባታት ኩላኩር ይፍትን ነበረ። ድሕሪዚ ናብ ኮለጅ ብምእታው፡ ብዓውዲ እንግሊዝ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመረቐ። ጎደኒ ጎደኒ ሞያ ምምህርና ኣብ ፎኒክስ'ውን ኣሰልጣኒ ናይ ጸወታ ቅልስ ኮይኑ ይሰርሕ ነበረ።

ንሱ ቀድሚ ናብ እምባታት ምሕኳር ምጅማሩ ከም መምህር ቋንቋ እንግሊዝን ኮይኑ ንሽዱሽተ ዓመታት ሰሪሑ ነበረ።

ኢሪክ ቀዳማይ ናብ እምባ ኤቨረስት ምሕኳር ዝኸደ ዓይነ ስዉር እዩ። ንሱ ኣብ 2001 ናብ እምባ ኤቨረስት ድሕሪ ምሕኳሩ፡ መራሒ ጉጅለኡ፡ "ናብ እምባ ኤቨረስት ምሕኳርካ ከም ዓቢ ነገር ገይርካ ኣይትውሰዶ" ምስ በሎ፡ ንህይወቱ ምሉእ ዝቕይር ዘረባ ኮይኑ ከምዝተረፈ ይገልጽ። ስለዚ በቲ ኣቐዲሙ ዝበሮ ከይዓገበ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሃገርን ኣህጉርን ናብ ዘሎ ዝበረኸ እምባታት ንዐ6 ዓመታት ምሕኳር ቀጸለ።

ኣብ 2002 ኣብ ዝበበሮ ሽውዓተ ምሕኳር፡ ካብ'ቶም 150 ሓኸርቲ እቲ እንኮ ናብ እምባ ኤቨረስት ኩላኩር ዝኸኣለ ዓይነ ስዉር ኮይኑ ነበረ። መጽሔት ታይምስ ድሕሪ'ቲ ናብ እምባ ኤቨረስት ዘካየዶ ምሕኳር፡ "ዝኾነ ከም ናይ ኢሪክ ሰንከልና ዘለዎ ከምኡ ዝበበረ የለን። ፍሉይ ዓወት እዩ" ኢላ ብምጽሓፍ፡ ንስእሉ ድማ ኣብ ቅድሚት ናይ መጽሔታ ኣሰፈራ ኣትተመቶ።

ኣብ 2005፡ ሰንከላን ጸገማቶም ባዕሎም ንኽፈትሕዎ ዘተባብዕ ዘይመኽሰበዊ ትካል ብምቛም፡ ምስ ሽዱሽተ ደቂ ጉጅለኡን ቲብታውያን ዓይነ ስዉራን ብምስልጣን፡ ናብ ሰሜናዊ ክፋል እምባ ኤቨረስት ክሳብ 22,000 ብራኸ ጫማ ሐዙምዎም ደየበ። ጸኒሓ ድማ ኑቲ ዝበበርዎ ምሕኳር ትገልጽ ሰነዳዊት ፊልም ተሰርሐት።

ኢሪክ ብዘዝበበሮ ዝበረ ንጥፈታት ካብ ዩኒቨርሲቲ ለሃይ፡ ኮለጅ ላፋየት፡ ኮለጅ ባብሶን፡ ኮለጅ ኮሎራዶ ማውንተይን፡ ዩኒቨርሲቲ ሽርሞንትን ለስሊየን ናይ ክብሪ መዓርግ ዲግሪ ክቕበል ክኢሉ እዩ።





ኢሪክ ደራሲ 'ታች ዘ ቶፕ ኦፍ ዘ ዎርልድ'፡ ከምኡ'ውን 'ኤ ብላይንድ ማንስ ጆርኒ ቱ ክላይምፕ ፋርዘር ዛን ዘ ኣይ ካን ሲ' ዝርእስተን መጻሕፍቲ እዩ። እዘን መጻሓፍቲ ኣብ 12 ሃገራት ብትሽዓተ ቋንቋታት ክሕተማ ክኢለን እየን።

ዳህሳሳት ወይሀንማየር ብዙሕ ሽልማታትን ኣፍልጦን ከውሃብዎ ክኢሉም እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ዝተፈላለየ ማዕከናት ዜና ንመደብቱ ሽፋን ይህብኡ ነበሩ። ንሽልማት ኢስፒ፡ ሽልማት ኒክ ቻሲ ማርቲን፡ ከምኡ'ውን ሽልማት ሄለን ከለር ክዕወተሉ ክኢሉ እዩ።

---

## ቀቢላ ሃድዛ

ቀቢላ ሃድዛ ኣብ ታንዛንያ - ኣፍሪቃ ኣብ ከባቢ ቀላይ ኢያሲ ብሃድን ዝነብሩ ኣህዛብ እዮም። ኣብ ከባቢ ቀላይ ኢያሲ ድማ ንኣሽሓት ዓመታት ከምዝተቐመጡ ይፍለጥ። ብመሰረት ኣብ'ቲ ቦታ ዝተረኽበ ጥንታዊ ኣሰራት፡ ሃድዛ ካብ ቅድሚ 50,000 ዓመታት ኣትሒዞም ኣብ ኢያሲ ይነብሩ ከምዝነበሩ ክረጋገጽ ክኢሉ ኣሎ።

ቀቢላ ሃድዛ እቶም እንኮ ኣብ ኣፍሪቃ ብሃድን ዝነብሩ ዘለዉ ህዝቢ ምዃኖም እዩ ዝገልጽ። ፍልይ ዝበለ ቅዲ ህይወት ከምዘለዎም ዝነገረሎም ሃድዛ ኣብ ሃድን ፍሉይ ክእለት ዘለዎም እዮም። ኣብ ሳቫና፡ ንመግቦም ዝኾኖም ፍሉያት ኣትክልትን ብጡጅለ ሃድን ብምክያድን ናብራኦም ይመርሑ። ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ሃድንን ምምእራር መዓርን ስለዝተጠዩ፡ ናብ መዓር ምስ እትመርሕ ዑፍ ፍሉይ ምትእስሳር ከምዘለዎም ይንገረሎም። ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ንፋዓት ማእረርቲ እየን፡ ሰራውር፡ እንቋቖሖን ኣሕምልትን ኣብ ምርካብ ኣይጸገማን።



ሃድዛ ማእከላይ መራሕነት ስለዘይብሎም፡ ውሳኔታት ኣብ ዝካየዱሉ ግዜ ብድምጺ ምርጫ ናይ ኩሎም እዩ ዝካየድ። ቋንቋኦም 'ሃድዛኔን' ዝበሃል ኮይኑ ብዘይካ ኣብ ታንዛንያ ኣብ ካልእ ክፋል ኣፍሪቃ ዘይዝረብ ቋንቋ እዩ።

ብመሰረት ኣፈ ታሪኽ ሃድዛ፡ ታሪኽ ኣብ ኣርባዕተ ግዜያት ይመቓቐል። ቀዳማይ ዘመን ገራንቢ ዝበሃል ኮይኑ፡ ጸጉሪ ዘለዎም ንነዋሓት ሰባት ብዘይ ዝኾነ እኽሊ መሳርሒታት፡ ጥረ ስጋ እናበልዑ ኣብ ከፉት ኣከባቢ ዝነበሩሉ ዝበረ ግዜ እዩ። ድሕሪኡ ዘመን ጸጸግዋንቢ፡ ኣብ ኣካሎም ጸጉሪ ዘይብሎም ሰባት፡ ካብ'ቶም ቀድሚኦም ዝነበሩ ሰባት ከኣ ዝሰልጠኑ፡ ብሓገዝ ከልቢ ሃድን ዘካይዱ ዝነበሩን ኣብ በዓቲታት ዝቐመጥሉን ዝበረ ግዜ እዩ። ድሕሪኦም ኣብ ዘመን ሃማክዋንቢ ዝመጽኡ ሰባት ንእሽተይ ኣካላት ዘውንኡ ኮይኖም ኣብ ምስራሕ ዕትሮ፡ ጭማራን ቀስትን ክእለት ዝበሮም እዮም። ኣብ'ቲ ግዜ ዝበሩ ቀቢላ ሃድዛ ናይ መጀመርታ ምስ ካልኦት ኣፍሪቃውያን ኣህዛብ ርክብ ብምምስራት ንግዲ ከምስርቱ ዝኸኣሉ ምዃኖም ይንገር። ናይ መወዳእታ ግዜ ሃማዶንቢ ዝበሃል ኮይኑ ኒ ሎሚ ዘሎ ዘመን ዝውክል እዩ።

ሎሚ ቀቢላ ሃድዛ ወላ'ኳ ብዙሎ ምዕባለታት ዓለም ይጽለዉ እንተሃለዉ፡ ባህሎም ንኽይብልል ግና ይጽዕሩ ኣለዉ። ካብቲ 1200 ብዝሒ ህዝቦም፡ 400 ጥራይ እዮም ብዘሎ ምዕባለ ተጸልዮም ዘለዉ።

## ደሴት ቦራ ቦራ

ደሴት ቦራ ቦራ ሓንቲ ካብ ደሴታት ሊዋርድ ኮይና ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሰላማዊ ውቅያኖስ ትርከብ። እዛ ደሴት ውሓለ ቀብኣይ ሕቡሩ ኣወሃሂዱ ዝሰኣላ ኢያ ትመስል። እቲ ካብ ገምገም ባሕሪ ተፈልዩ ዝተፈጥረ ጩዋም ባሕሪ ንባዕሉ ብሰየ ተሸፊኑ እንክትርእዮ ባህታ'ዩ ዝፈጥር። ኣብ ገምገም'ታ ደሴት ዝርከብ ጻዕዳ ሓጻ ብወጊ፡ ምስቲ ሕብራውያን ዓሳታት ዘወናጅሩሉ ማያዊ ኣካል ተወሃሂዱ ኸታዊ ቦታ እዩ ዘምስሎ። ኮታስ ኣዝዩ ሱሓቢ ትርኢት ዘለዋ ደሴት ኢያ። ኣብ ማእከል እዛ ደሴት ዝርከብ ኣሰራት እሳተ ጎመራ'ውን ኣካል ናይቲ መሳጢ ትርኢታ እዩ። ብሓፈሻ ብዙሓት በጻሕቲ ንደሴት ቦራ ቦራ፡ እታ ካብ ዓለም ምሉእ ዝጸበቐት ደሴት ብምባል እዮም ዝገልጽዋ።



ስፍሓት ናይ'ዛ ደሴት 30.55 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ኮይኑ፡ ፈረንሳውያን ኣህዛብ ድማ ይቕመጡዋ። ስለዚ ቀንዲ ኣብዛ ደሴት ዝዝረቡ ቋንቋታት ታሂታግን ፈረንሳን እዮም። ዝበዝሑ ነበርታ ግና ብሰንኪ ቀጻሊ ናብ'ታ ደሴት ዝውሕዙ በጻሕቲ ቋንቋ እንግሊዝ ክመልክዎ ክኢሎም እዮም።

ንኣሰያይማ ደሴት ቦራ ቦራ ብዝምልከት፡ ፈረንሳውያን ኣምላኽ ንቑጽ ምድሪ ከቕወም እንከሎ፡ ካብ መዓሙቕ ማያት ዘውጽኣ ቀዳመይቲ ደሴት ብምንባራ ብቋንቋ ታሂቲ 'ፖራ፡ ፖራ' ትርጉሙ ከኣ 'በኹሪ' ኢሎም ሰመዩዋ፡ ጸኒሑ ግና ስማ ናብ ቦራ ቦራ ረዓመ።



ቦራ ቦራ ክሳብ ሕጂ ሓንቲ ካብተን ብጽባቐአ ውሑዳት መወዳደርቲ ጥራይ ዘለዋ ኢያ። ኤውሮጳውያን ድማ ኣብ መላእ ህይወቶም ክበጽሑዋ ዝደልዩ ደሴት ምዃና ይገልጹ። ብዙሓት ሰባት'ውን ደሴት ፍቕሪ ኢሎም ብምጽዋዕ፡ ናይ ፍቕርን ሕጽኖትን ግዜኦም ኣብ ቦራ ቦራ ንከሕልፉ ናብኣ ይውሕዙ። ብዘይካ'ዚ መብዝሕትኦም ሆቴላትን መዘናግዒ ቦታታትን ናይ'ዛ ደሴት ኣብ ማእከል ማያዊ ኣካል ዝተደኮኑ ብምዃኖም ንብዙሓት ሰባት መሳጥቲ ክኾኑ ክኢሎም እዮም።

ካብዚ ማያዊ ኣካል ወጻኢ ኢልካ'ውን ናብ እምባታት ፓያን ኦተማኑን ክትበጽሕ ትኽእል።



# ኣከባቢ







ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)


## ካዳስተር፡ ከም መሳርሒ ውሑስ ምዕባለ

መሬት፡ ወሰን (ዚይቅየር) ሰፍሓት እዩ ዘለዎ፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ መሬትን ጸጋታታን ግቡእ ምሕደራ የድልዮ፡፡ ግቡእ ምሕደራ፡ መሳርሒ ውሑስ ምዕባለ ማሕበረ-ቁጠባውን ኣከባብያውን ምዕባለ እዩ፡፡ መሬት ብግቡእ ክመሓደር እንተኾይኑ ግን ኣቐዲሙ ብመሰረት ኣጠቓቕማኡን መዓላኡን ክወሰንን ክፍፈልን የድሊ፡፡ ከምኡ'ውን ክምዝገበን ሕጋዊ ተፈላጥነት ክረክበን ኣለዎ፡፡ እዚ ማለት መሬት ብመሰል ዋንነት (ብሕታዊ ዋንነት መሬት ኣብ ዘለወን ሃገራት)፡ ተጠቃምነት ሕርሻ፡ ክራይ፡ ጤሳ፡ ካልእ ከም ሃገራዊ ፓርክ፡ ሕዛእቲ፡ ታሪኻዊ ቦታታት፡ ቅርስታት፡ ቦታታት ዕደና፡ ወዘተ ብግቡእ ክምዝገብ የድሊ፡፡ ካዳስተር ኣብ ቃጽየ ዝተመርኮሰ ስርዓተ-ሓበሬታ መሬት ኮይኑ፡ ንሽኣውን ጸሓፋውን ሓበሬታ መሬት ዘጠቓልል ምዝገባ እዩ፡፡

ስለምንታይ'ዩ ኩሉ መሬትን ልዕሊ መሬት ዘተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ክምዝገብ ዘድልዮ? ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና፡ ረብሓታት ካዳስተር ንምርግጋጽ ብዝዕባ ኣድላይነት ምምዕባል ዘበናዊ ዲጂታል ካዳስተርን ካብ ካዳስትራዊ ምዝገባ ዝርከቡ ረብሓታትን ብዝርዝር ቀሪብና ነይርና፡፡ ዘበናዊ ካዳስተር ምምስራትን ቀዋሚ ንብረት ምምዝጋብን ዘድልየሉ ቀንዲ ምኽንያት እምበኣር፡ ንምሕደራ መሬትን ጸጋታታን ዘድሊ ብቑዕ ሓበሬታ ንሓንጸጽቲ ፖሊሲን ንፈጸምቲ ኣካላትን ስለ ዝህብ እዩ፡፡ ብዘይ ኣተኣማማኒ ሓበሬታ ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎን ምዕባለ ምሕደራ መሬትን ጸጋታትን ስለ ዘይህሉ፡፡

ንኹሉ መሬትን ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ቀዋሚ ንብረትን ቅርጺታትን ከይፈለጥካ ብግቡእ ክተመሓድሮ ኣይክኣልንዩ፡፡ ካዳስተር፡ ከም መሳርሒ ውሑስ ምዕባለ ንኸገልግል ግን፡ ዓማሚ፡ ሃገር-ለኸ ሽፈነ ክህልዎ የድሊ፡፡ ዓማሚ ካዳስተር (comprehensive cadastre) ጥራይ'ዩ መሰረት ውሑስ ምዕባለ ዝኸውን፡፡ ዓማሚ ካዳስተር ቅድመ-ኩነት ግቡእ ምሕደራ መሬትን ውሑስ ምዕባለን እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ካዳስተር፡ መሰረት ውሑስ ምዕባለ ብምዃኑ፡ ምዕቡል ካዳስትራዊ ስርዓታት ዝመስረታ ሃገራት ዘዘውትርኦ ዘለዋ፡ ቤ/ጽ ካዳስተር ሃገርና ድማ ክበጽሖ ዝሕልኖን ዝጽዕትን ዘሎ እዩ፡፡

መሬት ብመሰረት ዝተመደበሉ ኣጠቓቕማ ኣብ መዓላ ክውዕል የድልዮ፡፡ ከምኡ እንተዘይኮይኑ ጸጋታት መሬት ይባኸኑ፡፡ ብኸሎት ጸጋታት ከኣ ክውገድ ኣለዎ፡፡ ኣብዘን ምዕቡል ካዳስትራዊ ስርዓት ተኸለን ዝርከባ ሃገራት፡ ሃገራዊ ፓርክ፡ ታሪኻዊ ቦታታት፡ ቅርስታት፡ ባህርያውን ሰብ-ዝተኸለን በቖሊ (vegetation)፡




ክብረታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ እሳተ ጎመራ፡ ወዘተ ክሊላትን ኣብ ካዳስትራዊ ካርታ ዝሰፈሩን እየን፡፡ ኣብ ብዙሓት ምዕቡላት ሃገራት፡ ንኣብነት ሸወደን፡ ሓንቲ ኣም/ገረብ እንተቐሪጽካ ብውሑዱ ሓንቲ ተኺልካ ክትትክእ ትሕተት፡፡ ኩነታት በቖሊ ንምፍላጥ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 3-4 ዓመታት ካዳስትራዊ ካርታ በቖሊ የሐድሱዎ፡፡ እዚ ሃብቲ'ዚ ንመጻኢ ወለዶ ክሰጋገር ስለ ዘለዎ ብግቡእ ክዕቀብ ይግባእ፡፡

ዓማሚ ምዝገባ መሬትን ጸጋታታን ዘዩዳ ሃገራት፡ ማለት ንኹሉ መሬተን ኣብ ካዳስትራዊ ስርዓት ዘእተዋ ሃገራት፡ ቁጠባዊ ወፍሪ ክካየዱ ንዝመጹ ኣወፈርቲ፡ ኣብያተ-ጽሕፈት ካዳስተር ንወፍሪ ዝበቅዕ ዘይተዓደለ መሬት ኣብይ ከብቢታት ከም ዝርከብ ሓበሬታ ይህባ፡፡ መሬት ከኣ ሕጊ ወፍሪ ብምኽታል ብስሉጥ ንኣወፈርቲ ይዕደል፡፡ ስሉጥ ምዕዳል መሬት ንዝተኣርሱ ንኣወፈርቲ ሰሓቢ ኣብ ርእሱ ምዃኑ ሸቐለት ብምፍጣር፡ ፍርያትን ሽርፌ ወጻእን ብምዕባይ ኣብ ቁጠባ ሃገር ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብር፡፡

መብዛሕተአን እተን ብቁጠበን ተክኖሎጅን ዝማዕበላ ሃገራት ብዙሕ-ዕላማ (multi-purpose) ካዳስተር እየን ዘዘውትራ፡፡ እዚ ድማ ግብሪ ወይ ክራይ መሬት ንምእካብ፡ ውሕስነት ተጠቃምነት (ወይ ዋንነት ኣብ ብሕታዊ ዋንነት ዘለወን) መሬትን ዋንነት ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ንምውሓስ፡ ስሉጥ ምትሕልላፍ ንብረት ንምርግጋጽ፡ ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ ንምቕራብ፡ ኣጠቓቕማን ጸጋታትን መሬት ብውጥን ንምምራሕ፡ ዘላቒ ኣከባብያዊ ዕቃበ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝዝርጋሕ መስመር ኣገልግሎታት፡ ከም ኤሌክትሪክ፡ ተሌፎን፡ ማይ፡ ደረቕን ረሳሕ ፈሳሽን ወዘተ. ብኻርታ ዝተሰነየ ሓበሬታ ይህባ፡፡ ምዕቡል ዲጂታል ካዳስትራዊ ስርዓት ዝተኸለ ሃገራት ኤውሮጳን እሲያን ካርታ ናይ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝዝርጋሕ መስመራት ይጥቀማሉ እየን፡፡

ብልሽት ኣብ መስመራት ማይ፡ ኤሌክትሪክ፡ ተሌፎን፡ ረሳሕ ፈሳሲ ወዘተ ምስ ዘጋጥም፡ ኣብ እዋን ጽገና ኣብ ክንዲ ብዘውሪ እትኹዕት ኣብ ትኽክል ጀኦግራፍያዊ ሓበሬታ ተመርኲስካ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ዕማማትካ ተካይድ፡፡ ብስሉጥ ትፍጽሞን ካብ ዘየድሊ ብኽነት ግዜ ትድሕንን፡፡ ከምዚ ዓይነት መዝገብ ኣብ ዘይብሉ ከተማታት፡ መስመራት ረሳሕ ፈሳስን ደረቕ ጎሓፍን ንምዕራይ ብጭምት ክኹዕቱ ልሙድ ተርእዮ እዩ፡፡ ኣብ ከምዚ



ጉልበት፡ ግዜን ሃብትን ክቖጥብን ይኽእል፡፡

እሳተ-ጎመራን ምንቅጥቃጥ ምድርን ዝኸሰቱሉ ቦታታት/ከብቢታት ኣብ ካዳስትራዊ ካርታ ይሰፍሩ፡፡ ወዲ ሰብ ከኣ ካብዚ ከብቢታት'ዚ ርሒቑ ኣብ ውሑስ ከብቢ ንጥፈታቱ የካይድ፡፡ ኣብ ከብቢ ምንቅጥቃጥ መሬት ዝኸሰቶ ከበቢ፡ ኣባይቲ ክትሃንጽ እንተኾይንካ ንምንቅጥቃጥ መሬት ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክትሃንጽ ኣለካ፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ ከተማታት ጃፓን ዝህነጽ ኣባይቲ፡ ድልዳለኡ ንምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ግምት ዘእተወ ኮይኑ፡ ምስቲ ዝኸሰት ምንቅጥቃጥ መሬት ዝሰነ ብዙሕ ጉድኣት ዘይወርዶ እዩ፡፡ ኣብ ሃገርና ብፍላይ ኣብ ገማግም ባሕርን ምስኡ ዝዋሰኑ ከብቢታትን ንምንቅጥቃጥ መሬት ዝሕብር ካርታ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ምስ ምውሳኽ ዓለማዊ ምቑት፡ ማያት ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ብርኸኦም (ምልኣቶም) እናወሰኸ ይኸዱ ብምህላዎም፡ ንደሴታትን ኣብ ገማግም ውቅያኖሳት ዝተደኮና ከተማታትን ንሓደጋ ምጥሓል ኣቃልዑ ደርከቦ፡፡ ከተማ ጃካርታ ናይ ኢንዶነዥያን ብዙሓት ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝርከባ ደሴታትን ሓደጋ ምጥሓል ኣጋጢሙልየወን ደርከቦ፡፡ መንግስቲ ኢንዶነዥያ፡ ኣብ ካልእ ውሑስ ቦታ ርእሲ ከተማ'ታ ሃገር ንምህናጽ መደብ ኣውጺኡ ይሰርሕ ኣሎ፡፡ ልዕለት ማያት ውቅያኖሳትን ከም ሰናሚ ዝኣመሰሉ ብርቱዓት ማዕበላትን ከምጽእዎ ዝኽእሉ ጉድኣት ንምውሓድ'ውን ኣብ ገማግም ባሕሪ ድልዱል መካላኸሊ መንደቕ ክሰርሓ ደርኣየ፡፡ ብሓጺሩ፡ ወዲ ሰብ ቀጻልነቱ ንምውሓስን ክመጽእ ዝኽእል ጉድኣት ንምውሓድን ብፍልጠትን ንጥፈትን ክዋሳእ ይጸንሓሊዩ ዘይብዝሕ ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝዩዱ ንጥፈታት ልምዓት ዝ ዝተገልጸ ብደሆታት ኣብ ግምት ከእቱ ኣለዎ፡፡ ሃገራት፡ ቀጻልነት ዘለዎ ውሑስ ኣከባቢ ንመጻኢ ትውልዲ ከረጋግጻ እንተኾይነን፡ ኣብ ከበኡ ዝቕመጡ ኮማት/ማሕበረሰብ ጉድኣት ከየውረዱ ከም ዝጥቀምሉ ክገበር'ሃገራት ኣብ ማያት ባሕርን ገማግም ባሕርን ዘሎ ኩነታት ዘጸር ካዳስትራዊ ካርታ ክዳልዋ ይግባእ፡፡

ካዳስተር፡ ከም መሳርሒ ውሑስ ምዕባለ ክገልግል እንተኾይኑ፡ ምትዕርራይ ኣብ ስርዓተ ምዝገባ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዝምዕበላ ዘለዋ ሃገራት ክተኣታቶ ኣለዎ ዝብል ኣካታዒ ጉዳይ ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ቁጠባዊ ዓቕሚ ስለ ዘይብለን፡ ኣብ ክንዲ ከም'ቲ ናይ ምዕራባውያን ሃገራት ትኽክልነት ዓቕሙ ዘተኣማምኑ፡ ብግቡእ ዝተሰነአለን ዝተቐየሰን ጥራይ ዝምዝገቡ ኑቲ ፕላን ዘይብሉ'ውን ክሳብ ናብ ፕላን ዝኣቱ ከም ዘለዎ ክምዝገብኦን ውሕስነት ተጠቃምነቱ ከረጋግጹ ሰኢለን ክምዝገብ ኣለወን ዝብል እዩ፡፡ እዚ ሚላ'ዚ ተዓጻጻፍን ንድኻታት ዘገልግልን እዩ ይብሉ፡፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ደገፍትን ተቓወምትን ኣለውዎ፡፡ እቶም ደገፍቱ፡ ድኻታት ሃገራት ቁጠባውን ተክኖሎጂያውን ዓቕሚ ስለ ዘይብለን፡ ዋላ ኑቲ ፕላን ዘይብሉ ብምምዝጋብ ውሕስነት ንብረት ንናይ ሚልዮናት ድኻታት ከውሕሳ ኣለወን፡ ድሓር ምቹእ ኩነታት ምስ መጸ ክመሓሸ ይኽእል እዩ ክብሉ እንከለው፡ እቶም ኣንጻሩ ዝኾኑ ከኣ እዚ ኣገባብ'ዚ ተመሊሱ ብዙሕ ወጻኢታት ስለ ዝሓትት እቲ ቀንዲ ኣተኩሮ ደረጃ ብደረጃ ኑቲ ስርዓታዊ ኣገባብ ምዝገባ (systematic registration) ተኸቲልካ ምኻድ ይሓይሽ ይብሉ፡፡

ዝ ቀዳማይ ኣገባብ ዝማንቱ ኣብ ኣፍሪቃ ቁጠባን ቅዳሳዊ ሞያን ስለ ዘይማዕበለ ልዕሊ 70% መሬት ኣፍሪቃ ኣይተመዝገበን፡ ድኽነትን ሕሰም መዓብርን ከኣ ሳዕሩ ስለ ዘርከብ ንድኻታት ዝድግፍ ካዳስተር ክተኣታቶ ኣለዎ ይብሉ፡፡ ዝ ኣገባብ'ዚ ብምኽታል ዘተኣታተዋ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃን እስያን ከም ጋና፡ ናሚብያ፡ ናይጀርያ፡ ሞንጎልያ ወዘተ ዝኣመሰላ ኣለዋ፡፡ ኣብ ኣእምሮ ተጠቀምቲ መሬት ስኡ-ኣእምሮኣዊ ቅሳነት ስለ ዝህብ ቁጠባዊ ረብሓኡ ዓቢ፡ ንውሑስ ምዕባለ ድማ ጸራግ መገዲ ምኻኑ የረድኡ፡፡ ምስ'ዚ ኣገባብ'ዚ፡ ዝዘመድ፡ ቤ/ጽ ካዳስተር ኤርትራ ኣብቶም ብግሁሰት ኣዋጅ መሬት፡ መሬት ዓዲ'ም ግዘ ዝሰርሑ ወይ ድማ ግዘ ዝዓደጉ'ሞ ሓይሊ ዕማም መሬት ሕድገት ብምግባር ዝወስለም መቐጸዕቲ ዝኸፈሉ፡ ሰዶትን ሓፈሻዊ መዳውብትን ብምርኣይ 'ግዚያዊ ምስክር' ብምሃብ ቅሳነት ከም ዝረኽቡ ገይሩ እዩ፡፡ ድሒሩ፡ ብግቡእ ንዝተቐየሰ ድማ ቀዋሚ ምስክር ከም ዝወሃቡ ብምግባር ፈቲሕዎን መዕለቢ ገይርሉን፡፡

እቲ ቀንዲ ዕማም ካዳስተር ውሕስነት መሰላት ተጠቃምነት መሬትን ዋንነት ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ምርግጋጽ እዩ፡፡ እዚ ከኣ ንካዳስተር መሳርሒ ውሑስ ኣጠቓቕማ መሬት ይገብሮ፡፡ ብግቡእ ዝሰርሕ ስርዓተ ምሕደራ መሬት ወይ ካዳስተር መሰረት ሃገራዊ ሮግኣትን ማሕበራዊ ድሕንነትን ምዃኑ ይእመነሉ፡፡ ግቡእ ምሕደራ መሬት፡ ቁጠባ ሃገር ንምዕባይ ደፋኢ ሓይሊ እዩ፡፡ ግቡእ ምሕደራ መሬትን ጸጋታታን፡ ድኽነትን ሕሰም መዓብርን የወግድ፡ ንመጻኢ ወለዶ ግቡእ ምቅራሓ ሃብቲ ምህላዉ የረጋግጽ፡፡ እዚ ከኣ እዩ ኑቲ ኣብ መንጎ ምሕደራ መሬትን ቁጠባዊ ዕብየትን ዘሎ ምትእስሳር ግሉሕ ዝገብሮ፡፡

ንምድምዳም፡ መሬትን ጸጋታታን ከይፈለጥካን ከይመዝገብካን ብዘውሪ ክተመሓድሮ ስለ ዘይከኣል፡ ቀዳምነታት ብምስራዕ መድረኽ ብመድረኽ ኩሉ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዘሎ ጸጋታትን ክመዝገብ የድሊ፡፡ ዝ ዓለምለኻዊ መረዳእታ ምኽታል ማለት፡ ንካዳስተር ከም መሳርሒ ውሑስ ምዕባለ ምጥቃም ማለት እዩ፡፡


**ቤት ጽሕፈት ካዳስተር**
**(ሚ/መ/ማ/ኣከባብን)**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤርቢክስ |
| 09:35 | ፊዮሪና |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ-ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:20 | ፊልም ፈንቅል |
| 17:55 | መደብ ሄራር |
| 18:35 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

**ሰኑይ**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:15 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዳህሳስ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

## ‘መስተንክራውያን ጽርግያታት ሰውራ!’

<u>ቀዳማይ ክፋል</u>

**“መጻኢት ኣፍሪቃ ኣብ ኤርትራ ርእየያ”**

እዚ ቃላት'ዚ፡ ወሩይ ታንዛንያዊ ናይ ታሪኽ ተመራማሪን ፖለቲከኛን ፕሮፌሰር ዓብዱራሕማን ኣሕመድ ባቡ፡ ቀደሚ ናጽነት ኣብ ሳሕል ዝነበረ ደጀን ህዝባዊ ግንባርን ንጥፈታቱን ምስ ተዓዘበ፡ ኣድናቖቱ ንምግላጽ ዝተዛረቦ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ዓለምና፡ ሓርነታዊ ኲናት ዘካየዱ ሰውራታት፡ ብመጠን ዝገጠሞም ብድሆታትን ወሽጣውን ግዳማውን ረቛሒታትን ኣብ ፍሉይነታት ዘለዎም እዮም። ሓደ ካብ ፍሉይነት ሰውራ ኤርትራ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝተኸተሎ ኣብ ቀንጠባዊ መዳይ “ርእሰ ምርኮሳ”፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ድማ “ንጸላኢ ብብረቱን ብጥይቱን” ዝብል ዕዉት ስትራተጂ'ዩ።

በዚ ስትራተጂ'ዚ ህ.ግ፡ ኣብ ደጀኑ ሳሕል ዝሃነጾም ነዋሕቲ ኣኽራናት ሰናጢቑ ዝዘርጋሖ ናይ መጓዓዝያ ትሕተ-ቅርጺታት፡ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተደኰኑ ጠለባት ውድብን ሓፋሽ ህዝብን ዘማልኡ ፋብሪካታት፡ ዝተራቐቐ መጥባሕቲ ዘካይደሉ ሆስፒታላት፡ ብሰንኪ ኲናት ካብ መንበሮኦም ተመዛቢሉ ኣብ ትሕቲ ውድብ ዝተዓቀበ ህዝቢ ዝሰፈረሉን ስንኩላን ዝእለዩሉን መደበራት፡ ደቂ ተጋደልትን ዕቑባትን ናጽላ ዘይብሎም ህጻናትን ዝመሃርሉ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ስርሓት ዘወሃህዱ ኣብያተ ጽሕፈትን መርበባት መራኸቢታ፡ ታንክታትን መካይንን ዝተፈላለየ ከበድቲ ኣጽዋርን ዝጽገነሉ፡ ብወሽጣዊ ዓቕሚ ምህዞታትን ሰንዓታትን ዝካየደሉ ጋራጃት፡ ዓቢ ክፋል ጠለባት ውድብን ህዝብን ዘማልእ ናይ ሓጺንን ዕንጸይትን ትካላት ወዘተ.... ንሰውራ ኤርትራ ፍሉይ ይገብሮ። እዚ ንብዙሓት ናይ ታሪኽ ጸሓፍትን ተመራመርቲን ኣድናቖት ዘትረፈ፡ ንሰውራ ኤርትራ ኣብ ገዛእ-ርእሱን ወሽጣዊ ዓቕምታቱን ተመርኲሱ ዝተናወሐ ኲናት ክካየዶ ዘኽኣሎ ደጀን'ዚ፡ ህ.ግ. ካብ ባዶ ተበጊሱ፡ ብምሕር ደኣት ዓቕሚ፡ ብጻዕሩ፡ ብልዑል ተወፋይነትን ተበላሓትነትን ተጋደልቱ ዝፈጠሮ'ዩ።

**መጽሓፍ ዘይተጻሕፈ ገድሊ**

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ‘ካብ ታሪኽ ሰውራና’ ብዛዕባ ተመኩሮታት መጓዓዝያ ህ.ግ. ዝምልከት ካብ ሱዳን ገድልን ቃ/መሕተትን ብተኸታታሊ ዝወጸ ዝነበረ ካብ ሱዳን ገድሊ ዝተዳለወ ጽሑፍ ተኸታቲልና። ሕጂ ድማ ነቲ ምስ መጓዓዝያ ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለዎ፡ መጓዓዝያ ብዘይ ጽርግያ ትርጉም ስለ ዘይብሉ፡ ጽርግያታት ሰውራ መዓስን ብኸመይ ተሰሪሑ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

ሓቂ'ዩ ኣብቲ ቀንዲ ደጀንን ዕርድን ዝነበረ ሳሕል በብእዋኑ ዝተሰርሐ መስተንክራዊ ጽርግያታት ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡን ተሰኒዱን ኣሎ። ሰያመ ናይቲ ኣብ ግዜ ሰውራ ዝተሃንጸ ጽርግያታት'ውን ምስ መድረኻት ናይቲ ቃልሲ ዝኸይድ'ዩ። ንኣብነት፡ ጽርግያ ሓርነት፡ ኣይንምበርከኽ፡ ብድሆ ወዘተ ክጥቀሱ ይከኣሉ። እምበኣር ካብዚ ሕታም'ዚ ጀሚርና፡ ኣብ ትሕቲ “እቲ ካልእ ጅግንነት” ዝብል ኣብ ሜዳ ካብ መፋርቕ 70ታት ንደሓር ዝተሰርሐን ካብ ሓርበኛ ቅጺ2፡ ቁ.6 ጥሪ 1991ን ካልእን ተወኪስና ዘዳለናዮ ንታሪኻዊ ስራሓት ጽርግያታት ኣብ ግዜ ገድሊ ዝምልከት'ዩ ፍልልይ ዘምጽኡ ወሳኒ ረቛሒ'ዩ። ህ.ግ. በኣምግል ኣብ ዝተጓዓዘሉ ይኹን ናብ መካይን ኣብ ዝተሰጋገረሉ፡ ወሳንነት ናይ'ዚ ርቛሒ'ዚ ወትሩ ርዱእ ነይሩ። ርዱእ ንሰውራን ርዱእ ንጸላኢን ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ክንዲ'ዚ ዘኣክል ስትራተጂያዊ ኣድማዕነት ዘለዎ ጉዳይ ንህ.ግ. ጥራይ ዘይኮነ ንጸላኢ'ውን ብኣሉታዊ መዳይ የገድስ'ዩ። ንሱ ከየጽዋን ከየናቕፎን ህ.ግ. ክኸፍቶን ስሉጥ ክገብሮን ብዙሕ ቃልሲ'ዩ ተኻዪዱ። ስለዚ ምእንቲ ድሕንነትን ዕብየትን ውድቡ ምስ ወጻኢ ትራኸበሉ፡ ቀረብካ ዝመላለሰሉ መ ስ መ ራ ት ፡ ብመጀመርታ ካብ ሓደጋ ጸላኢ ናጻ ክኸውን ከምኡ'ውን ምስቲ እናዓበየ ዝመጽእ ጠለባትን ብድሆታትን እናተመሓየሸን እናማዕበለን ክመጽእ ግድነት እዩ።

እዚ ድሕንነትን ስሉጥነትን'ዚ፡ ንምርግጋጽ ኣብ ስራሕ ጽርግያን መጓዓዝያን ዝተገብረ ጻዕርን ወጻኢትን ብዘይ ጥርጥር ሓደ ኣገዳሲ ምዕራፍ ናይ ታሪኽና'ዩ። ብዘይክኡ ታሪኽ ህ.ግ. ምሉእ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ እንተ ተባህለ'ውን ምግናን ኣይኩነን። ንብዕሎም'ቶም ኣብ መስርሕ ቃልሲ ዝተሰርሑ ጽርግያታት ብዘይ ቃላት ታሪኾም ዝገልጹ ነበርቲ ሓወልቲ ሰውራ ኲይኖም ኣለው።


ከኣለታትን ዘይከኣለታትን ዝ. ሓወልቲ'ዚ ኣብ ምትካል ዝተሳተፉ ተጋደልቲ ኣዝዮም ብዙሓት'የም። “እታ ቀዳመይቲ ጽርግያ” ይብል ሃብተልዑል ጉብረመድህን ሓደ ካብ መስረትቲ መሃንድሳት ጨ/ህንጻ ህ.ግ. ኣብታ ኣብታ ኣብ ጥሪ 1991 ዝወጸኣት መጽሔት ሓርበኛ፡ “እታ ቀዳመይቲ ጽርግያ ኣብ ግንቦት 1975 ኢያ ተጸሪጋ።” ሸው ጨንፈር ህንጻ ካቢት ኣይቆመን ነይሩ። ሃንደበት ሓንቲ መርቸድስን ኣብ ከባቢ እምበረሚ ዝተሰልበ ትራክተራት ቀጣን (ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕል) ስለ ዝበጽሓ፡ ናብቲ ሽዑ ቀንዲ መደበር ህ.ሓ. ዝነበረ፡ ብሌቓር ንምእታወን መንዲ ክጽረገለን ክኸውን።

ማስመር ስንቅን ዕጥቅን ከም መትንታት ሰራውር ደም ኣካላት ደቂ ሰብ፡ ንሓደ ተዋጋኣይ ውድብ ናይ ሞትን ህይወትን ግድነት ኮኑ፡ እቲ ጽርግያ ካብ ቀጣን ብጉልጉል እግሪ ገቦ ሐዙ ሩባ ወድጋን ተኸቲሉ ንፋሕን ብሌቓን ዝኣቱ'ዩ ዝነበረ። ክሳብ መደቡ ዝፈልጥ ኣብ ተዓለም ዝጸበ ዝነበረ ሃብተልዑል፡ ናብዚ ስራሕ'ዚ፡ ካብ 600 ክሳብ 1000 ምስ ዝኾኑ ተዓለምቲ ክጠለስ እንክሎ፡ እቲ ዝተሓተ መኻርሒ ኣፍራዛን ባዴላን'ውን ከም ዘይነበረ ገሊጹ። እቲ ቐንዲ ስራሕ ይብል ንሱ፡ “መሰንኪና ዕንጸይቲ እናተጠቐምና፡ ናብ ዝዓሞቐ እምኒ ምምላእ፡ ካብ ዝበረኸ እምኒ ምልጋስ” ጥራይ'ዩ ነይሩ።

ንመጀመርታ ግዜ ብሎሪታት (ቤድ-ፎርድ) ሱዳን ስንቂ ንምእታው፡ ድሕሪ ወርሒ ዝሰዓበ መስመር ብሌቓት ጉራዖ፡ ዝያዳኡ ጽርግያ ዘብል ረቛሒ ነበረ። እቲ ቐንዲ ስራሕ ዓቐበት ጉራዖ ምህንዳስን ምህናጽን ነይሩ። ኣብዚ ስራሕ'ዚ ኣብ መንጎ ሽሕ ተዓላሞ ውሑድ ኣፍራዛን ባዴላን ሓንቲ ማኻን ክልተ መጸራረቢ ምኻራትን ጥራይ ነበሩ። በዚ ዓቕሚ'ዚ ከኣ ዓቐበት ጉራዖ ኣብ ኣርባዕተ መዓልታት ተወይኣት።

የጉዳስ ትሪ ዕቃብኣ ነተን ኣውራ ንጉልጉል ዝተሰርሓ ሎሪታት ስለ ዝበርተዐ፡ ጉራዖ ኣብ መጀመርታ 1976 እንደገና ተመሓየሸት። እዚ ቅድሚ ምቛም ጨ/ህንጻ ዝተሰርሓ ክልተ ጽርግያታት ከምዚ ዝሰዓበ ካልእ፡ ዝያዳኡ'ውን ኣብ ፍጹም ሰብኣዊ ጉልበት ዝተመርኮሰ ነይሩ።

“እኹል ጉልበት ውሑድ መሳርሒ፡ ምስ ጸንክር ኲነታት ግን ወሰን ዘይብሉ ሓቦን ጽንዓትን ደሊትን ተጋደልቲ ነይሩ። እዚ ዘይምለኽ ባህሪ ተጋደልቲ ኣብ ኩሉ'ቲ ቀጺሉ ዝተሰርሐ ጽርግያታት ተራእዩ እዩ እንተኾኑ፡ መጀመርታ ኣብ ጉራዖ'ዩ ዝጀመረ።” ይብሉ መሃንድሳት ናይቲ እዋን'ቲ።





---

### ብዛዕባ ቶም 8 ወራራት ደርግ እንታይ ትፈልጡ?

**ሓሙሻይ ወራር 14-26 ሓምለ 1979**

ናቕፋ ንምሓዝ ግብረ ሃይል 503-508 ኣሰሊፉ። ሜላታቱ ብወገን ጽርግያ ናቕፋን ደንደንን ናይ ፊት ንፊት መጥቃዕቲ ገደርካ ምጥሓሱ ብዮማናይ ክንፊ ማለት ብኣርዛት ናይ ክልተ መጥቃዕቲ፡ ብጸጋማይ ክንፊ ብዋንጉን ሕዳቕን ዝተፈንተተ ንጹል ከቦ፡ እቲ ናይ ሕዳቕ መጥቃዕቲ፡ ንኣግራዕ ወሪዱ ንናቕፋ ናይ ዕደላ መስመራት በቲኹ ንናቕፋ ብድሕሪኣ ክኣትዋ ዝሓለመ ነይሩ። ኣብ ኣፍጪዋ (ኣግራዕ) ኤርፖርት ሰሪሑ ምሉእ ክፍሊ-ሰራዊት ኣውሪዱ ሓደ ዘይተሓሰበ ሓደገኛ ኲነታት ንምፍጣር ዝሃንደሶ ውጥን ነይሩ። የጉዳስ ኣይሰለጦን። ህዝባዊ ሰራዊት ነቲ ናይ ሕዳቕ ንጹል ሰራዊት ደርግ ምስ ደምሰሰ ከኣ እቲ ወራር ኣኺቲሙ።

ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል (ኣልገና) 505 ግ.ሃ. ነቲ ናይ ናቕፋ ዝደጋገፍ መጥቃዕቲ የካይድ ነይሩ።

**ክሳራ ጸላኢ፦**

- 4200 ምውታት፡7700 ቁሱላት፡ 720 ምሩኻት፡
- 3 ታንክታት 2528 ማእከላይን ፈኲስን ብረት ተሰሊቡ።
- 4 ታንክታት 5 ደሩዓት 13 መካይን ዓንዮን።

### ንሓፈሻዊ ፍልጠት

**ግንቦት ኣብ ታሪኽና!**

- ግንቦት 1957 ምጅማር ኣድማ ተማሃሮ ኣብ ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን
- ግንቦት 1975 ካልኣይ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
-ግንቦት 1977 ምሕራር ከተማ ተሰነይ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
- 21 ግንቦት 1984 ስርሒት ኮማንዶ ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ (ቅያ 18 ደቓይቕ)
-12 ግንቦት 1988 ህልቂት ህዝቢ ሸዕብ ብስርዓት ደርግ (400 ህዝቢ ብታንክታት ዝተረግጸሉ)
- 24 ግንቦት 1991 ናጽነት ምሉእ ኤርትራ ዝተረጋገጸላ ስለዝኾነት ልዕሊ ኩለን ዕለታት ኣብ ታሪኽና'ያ።

### ካብ ካርቱናት ገድሊ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1
Fax: (+291) 1
www.bishami

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.**

**Position: Trainer and Translator**
**Department: Employee Services**
**Section: Training and Development**
**Number required: One (01)**
**Contract Type: Indefinite**
**Place Of Work: Bisha**

Primary Purpose:-

- The Trainer and Translator will be responsible for delivering training programs in the Local Language, English, and Chinese, as well as translating communication & documents between English, Chinese and local Language. This role requires a combination of instructional design, training delivery, and language translation skills.

Major Duties and responsibilities: -

- **Training Development and Delivery**
  - Design and develop training materials, including presentations and manuals.
  - Conduct training sessions for employees and contractors in the Local Language, English, and Chinese on various topics, such as induction, safety, and other areas
- **Translation Services**
  - Translate documents, presentations, and communications from and to English, Chinese and the local language.
  - Ensure translations are accurate and culturally appropriate, and maintain the original meaning and context.
  - Serve as a translator during meetings, training sessions, and other company events involving English, Local language and Chinese
- **Collaboration and Support**
  - Work closely with Senior management, and Departments to identify training and translation needs.
  - Provide support and guidance to employees on training-related matters.
  - Maintain records of training activities and translation projects
- **Evaluation and follow-up**
  - Evaluate the actual courses and contents.
  - Test delegates understanding using appropriate assessment tools
  - Assess delegate feedback forms in order to make necessary changes.
  - Ensure safety and health standards are followed during training
- **Reporting**
- Prepare periodic and ad hoc training reports

**Unique requirements / other information**

- Fluent in English, Chinese and local language

**Knowledge, Experience and Skills**

| **Qualifications:** |
|---|
| Bachelor's degree |
| **Knowledge and Experience:** |
| • 2 Years experience preferably as a trainer or translator<br>• Fluent in English, Chinese and Local Language |

| **Technical Skills** | **Behavioural Skills** |
|---|---|
| • Computer Literacy (MS Office - Advanced)<br>• Fluent in English, Chinese and Local Language | • Communication High level of accuracy<br>• Discretion<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• Conflict resolution<br>• Assertiveness<br>• Interpersonal Relations<br>• Integrity |

**General Information and other requirements:**
**•Salary: As per Company salary scale.**
**•Type of Contract: Indefinite**
**Additional requirement for Nationals:**
**•Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
**•Present clearance paper from current/last employer.**
**•Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
**•Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
**•Application documents will not be returned to sender.**
**•All applications should be sent through the post office.**
**•Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**
**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**
**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

## ምልክታ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ "ፈጠራዊ ሓሳብ ንምዕባለ ሕብረተሰብ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ምህሮን ሰንዓን ዝቐንዐ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ብኣጋጣሚ መበል 34 በዓል ናጽነት ከኣንግድ ምኳኑ ንግዱሳት ይሕብር። እዚ ውድድር መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ምህሮን ሰንዓን ክኪይዶ ዝጸንሐ ንጥፈታት ኮይኑ፡ ቀጻልነት ዘለዎን ዘዳቋርጽን ክኸውን ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ክስራሓሉ ምኳኑ'ውን ይገልጽ።

እቲ ንውድድር ዝቐርብ ፈጠራዊ ሓሳብ ክማልኦም ዘለዎ መሰረታዊ ረቛሒታት፦

*ኣብ ሃገርና ማብቆላውነት (originality) ዘለዎ ወይ ወሰኽ ክብሪ (Value Addition) ዝሀብ
* ንማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት ሕብረተ-ሰብ ዝፍትሸን ብዘቐለለ መገዲ ዝፈትሕን
*ናብ ዝቖጣበጥ ለውጥን ምምሕያሽን ዝመርሕ ወይ ዘኣንፍት
*ንኽትርድኦ ቀሊል፡ ዘይተሓላለኸን ክትብዝሓሉ ዘጸግዕምን

ኣብዚ ውድድር ክትሳተፉ እትደልዩ ግዱሳት፡ ቅጥዒ ቁ/1 ኣብ ዞባ ማእከል ካብ ማእከል ምህሮን ዋፒንን (ጁንጀር ክሉብ) ኣብ ዞባታት ድማ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ ዞባ ብምውሳድ ክሳዕ 10 ግንቦት 2025 ኣብ ዘሎ ግዜ መሊእኩም ክትሰዱ ንሕብር።
ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ናብ ማእከል ምህሮን ዋፒንን ብኣካል ብምምጻእ ወይ ብቁ/ስልኪ 120447/ 123419 ክትወክሱ ትኽእሉ።

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ከረን - ኵዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ቀጺሉ



ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ከተማ ከረን፡ ዝሓለፈ 1 ግንቦት ብኽልተ ግጥማት ቀጺሉ፡፡

ፈለማ ምም/ከበ. 01ን 02ን ክጻወታ እንከለዋ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ሽቶ ከየመዝገባ ንዕረፍቲ ወጺኦን፡፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ግና፡ ምም/ከበ. 02 ብመገዲ ያስሚን በየነ ሰለስተ፡ ካብ መናል ህያቡ ድማ ክልተ ሽቶታት ብምቍጻር 5-ብ0 ተዓዊታ፡፡ ያስሚን ከኣ ብልጽቲ ናይቲ ጸወታ ተባሂላ፡፡



ሰዒቦን መተሓላለፊቲ ጋንታታት ምም/ከበ. 05ን ምም/ከበ. 06 ተራኺበን፡፡ ምም/ከበ. 05፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ሳሮን ሞኣ ሓንቲ ሽቶ ብምቍጻር 1-ብ0 መሪሓ፡፡ ኣብ ዝተረፈ ዝወሃሀ ግዜ ዝተመዝገበ ሽቶ ብዘይምንባሩ ድማ፡ ምም/ከበ. 05 ብጸቢብ 1-ብ0 ተዓዊታ፡፡ ናይቲ ጸወታ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናእሚ ተወልደ ተጸዊዓ፡፡

## “ገና ኣብዚ ክጻወት ከምዝኽእል . . .” ደ ብሩይነ



ኣከፋፋሊ ማንቸስተር ሲቲ - ኬቨን ደ ብሩይነ፡ “ገና ኣብዚ ክጻወት ከምዝኽእል ኣርእየ ኣሎኹ” ክብል፡ ድሕሪ'ታ ኣገዳሲትን መወዳእታን ሽቶ ዘመዝገበሉ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ምሸት ጸወታ ተዛሪቡ፡፡

ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘሕልፍ ደረጃ ንምሓዝ ኣብ ውድድር ዘላ ማን ሲቲ፡ ዓርቢ ምሸት ኣብ ሜዳኣ ንዎልቨስ ዓዲማ ተጻዊታ፡፡ ደ ብሩይነ ኣብ መበል 35 ደቒቕ ብዘመዝገባ እንኮ ሽቶ ድማ'ያ ሰዒራ፡፡

በዚ ወጽኢት፡ ነዛ ሎሚ ንብራይቶን እትፋለማ ኒውካስል ገልቢጣ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ኣላ፡፡ እዚ ማለት፡ ንዓመታ ኣብቲ ዝዓበየ ኤውሮጳዊ ውድድር ንምእታው መገዳ ኣጣጢሓ ትርከብ፡፡

ኣብ ክረምቲ 2015 ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ደ ብሩይነ፡ ድሕሪ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ካብዛ ጋንታ ከምዝወጽእ ምኳኑ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሓቢሩ እዩ፡፡ ጋንታኡ ሓድሽ ውዕል ስለዘይቀረበትሉ ከምዝተገረመ ኣቐዲሙ ዝገለጸ እዚ ቤልጂዩማዊ፡ “ዝገለጸ ኵዕሶ እግሪ ክጻወት እፍትን ኣለኹ፡፡ ምስ ኣየነይቲ ጋንታ ከምዝቕጽል ግን ኣይፈልጥን እየ፡ እንተኾነ ኣብዚ ክጻወት ከምዝኽእል ኣርእየ ኣለኹ፡፡” ክብል፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክጻወት ከምዝኽእል እምነቱ ገሊጹ፡፡

ብዘይካዚ፡ እዚ ወዲ 33 ዓመት ብሉጽ ኣከፋፋሊ፡ ብዙሓት ደቂ ጋንታኡ ክጸንሕ ከምዘይልዩዎን ብምውጻኡ ከምዝሓረቑ'ውን ሓቢሩ፡፡

ንሓደ ዕቑድ ነዛ ጋንታ ዘገልገለ ደ ብሩይነ፡ እታ ዓርቢ ምሸት ዘቑጸራ ሽቶ፡ መበል 30 ሽቶኡ ናይ ፕሪመርሊግ እያ - ዕድመ'ውን 30 ዓመት ገይሩ ኣሎ፡፡ ናይ ቀደም ደቂ ጋንታኡ - ያያ ቱረን ሰርጆ ኣጓዌሮን ድማ፡ ነፍሲ-ወከፎም 41 ሽቶታት ብምቍጻር፡ ልዕሌኡ ደሰርዑ፡፡

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ብራይቶን - ኒውካስል 4፡00 ድ.ቀ

ብሬንትፎርድ - ማን ዩናይትድ 4፡00 ድ.ቀ

ዌስት ሃም - ቶተንሃም 4፡00 ድ.ቀ

ቸልሲ - ሊቨርፑል 6፡30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ሪያል ማድሪድ - ሰልታ ቪጎ 3፡00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ሮማ - ፊዮረንቲና 7፡00 ድ.ቀ

ቦሎኛ - ጁቬንቱስ 9፡45 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

**ፕሪመር ሊግ**

ክሪስታል ፓላስ - ኖቲንግሃም 10፡00 ድ.ቀ

## እንታይ ከ ደሃዩል ኣሎ?

* ጁቬንቱስ፡ ንኣከፋፋሊኣ ዌስተን ማከኒ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ከተፈርሞ ኣፈናዊ ስምምዕ ገይራ፡፡

እዚ ኣመሪካዊ፡ ክሳብ ሰነ 2026 ዝጸንሕ ውዕል ኣለዎ፡ በዚ ብቓል ተሰማሚዖም ኣሎ ዝበሃል ዜና ከኣ ክሳብ ሰነ 2027 ከገልግላ እዩ፡፡

* ኣርሰናል፡ ንኣጥቃዓይ ኣታላንታ - ኣደሞላ ሉክማን ንምፍራም ኣብ ዝዋሓር ዘሎ ውድድር ምእታዉ ተሓቢሩ፡፡

ኣብዚ ኢጣልያዊት ክለብ ሱሓቢ ቁመና ሃሊዩ ዘሎ - ሉክማን፡ ኣብ ራዳር ማን ዩናይትድን ጁቬንቱስን ኣትዩ ኣሎ፡፡

እዚ ወዲ 27 ዓመት ናይጀሪያዊ ክሳብ ሰነ 2027 ዝጸንሕ ውዕል ስለዘለዎ፡ ጋንታኡ ብሕሱር ክትሸጦ ኣይግመትን፡፡

## መንደፈራ - ስፖርታዊ ውድድራት መንእሰያት ሰራሕተኛታት መምህራን ተዛዚሙ

ንልዕሊ ክልተ ኣዋርሕ 400 መንእሰያት ሰራሕተኛታት መምህራን ንኡስ ዞባ መንደፈራ ክሳተፍዎ ዝጸንሑ ስፖርታዊ ውድድር፡ ብ1 ግንቦት ኣብ ስታድዮም ከተማ መንደፈራ ተዛዚሙ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኣትሌቲክስ 100 ሜትሮ ቀዳማይ ጎይትኦም ኣሕፈሮም ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ካልኣይ ቶማስ ፍጹም ጋንታ ሰንጀርጅ፡ ሳልሳይ ሓጎስ ኣድሓኖም ጋንታ ኣረብ ኮይኖም፡፡

ኣብ 400 ሜትሮ፡ መሓመድ ኣሕመድ ካብ ኣረብ፡ ተመሳሳሊ ተስፋገርግሽ - ሚ/ትምህርቲ፡ ዳዊት መሓሪ - ኣረብ፡ ኣብ 800 ሜትሮ፡ ተስፎም ሕድራይ - ሚ/ትምህርቲ፡ ሚካኤል ተኽለሃይማኖት ካብ ጋንታ ሰላምኣሰመሮም ገብረብርሃን ካብ ጋንታ ኣያብል ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም፡፡

ኣብ ምስሓብ ገመድ፡ ቀዳመይቲ ጋንታ ሓደሽ ዓዲ፡ ካልኣይቲ ድማ ጋንታ ዓዲ-ሓረ ተዓዊተን፡፡

ብዘይካዚ፡ ኣብ መንጎ ሽዱሽተ ጋንታታት ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ፡ ጋንታ ሞሞና ናይ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ መንደፈራ ተዓዊታ፡፡ ኣብኡ ብተጻሕፈት ኣራቴልን ኤለክትሪክ ሲቲን ብዓቢር ኮይኖም ዘቖመዋ ጋንታ ኮማንደር ካልኣይቲ፡ ጋንታ ብርሃን ናይ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሳልሳይቲ ኮይነን፡፡

ኣብ መንጎ ትሸዓተ ጋንታታት ዝተኻየደን ልዑል ናይ ውድድር መንፈስ ዝተራእየሉን ግጥም ኵዕሶ እግሪ ድማ፡ ጋንታ ኣያብልዩ ንጋንታታት ሰላምን ሳንጀርጅን ኣሸኒፋ ተዓዊታ፡፡ ኤፍሬም ወልደትንሳኤ ካብ ጋንታ ሰላም - ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሽቶ፡ በርሀ ተስፋዝጊ እያብልዩ - ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ወዙብ በኽሪ - ብሉጽ ሓላዊ ልዳት ብምኳን ተረቚሖም፡፡ መዳልያ፡ ሜልያን ዋንጫን ድማ ተሸሊሞም፡፡



## ሳካ፡ ቅድሚ ባሎን ዲ'ኦር ምስ ክለቡ . . .




እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ኣርሰናል - ቡካዮ ሳካ፡ ወላ'ኳ ውልቃዊ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ሕልሙ ምዃና እንተገለጸ፡ ምስ ጋንታኡ ዋንጫ ምዕታር ግና፡ ቀዳምነት ከምዝህቦ ገሊጹ፡፡

ሳካ፡ ሓደ ካብቶም ናይዚ ግዜ'ዚ ብሉጻት ተጻወትቲ ዓለም ምዃኑ ይእመነሉ፡ ኣብ መጻኢ ባሎን ዲ'ኦር ክዕትር'ውን ይግመት፡፡ ብፈረንሳዊት መጽሄት ዓመታዊ እትዕደም ባሎን ዲ'ኦር፡ እታ ዝገደመትን ተበሃጊትን ውልቃዊት ሽልማት ምዃና ይፍለጥ፡፡

ሳካ'ውን፡ ኣብዛ ሽልማት ስሙ ከሰፍር ዘይብህግ ኣይኮነን፡ ንሱ፡ “ባሎን ዲ'ኦር ምዕዋት ሕልመይ እዩ፡ እንተኾነ ቀንዲ ኣተኩሮይ ምስ ኣርሰናል ዋንጫ ምልዓል እዩ፡፡ ኩሉ ነገር ድሕሪኡ ክመጽእ እዩ” ክብል፡ ካብ ውልቃዊ ሽልማት ናይ ጋንታ ከምዘቐድም ገሊጹ፡፡

እዚ ወዲ 23 ዓመት መንእሰይ፡ ኣብዛ ጋንታ ዘለዎ ኣበርክቶ - ሽቶ ብምቍጻርን ናይ ሽቶ ዕድል ብምፍጣርን ልዑል እዩ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ቀዳማይ እግሪ ስዕረት ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ብፒኤስጂ ኣሕዋዮም ክሓልፉ ምዃኖም ብርእሱ ተኣማሚኑ ገሊጹ - ሳካ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሜዳኣ 1-ብ0 ዝተሳዕረት ኣርሰናል፡ ረቡዕ ምሸት ናብ ፓሪስ ተጓዒዛ ወሳኒ ጸወታ ክተካይድ እያ፡፡

## ሙኒክ፡ ሻምፕዮን ቡንደስሊጋ ካብ ምኳን ተዓጊታ

### ኬን፡ ቀዳመይቲ ዓባይ ዋንጫ ንምዕታር . . .


መራሒት ቡንደስሊጋ ዘላ ባየር ሙኒክ፡ ትማሊ ሻምፕዮን ካብ ምኳኑ ኣብ መበል 94 ደቒቕ ብዝተመዝገበታ ሽቶ ተዓንቂጻ፡፡

ናብ ኣርቢ ሌፕዚግ ተጓዒዛ ዝተጻወተት እዛ ጋንታ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ክልተ ሽቶታት ተመዝገበዋ፡ 2-ብ0 ተመሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 62፡ 63ን 83ን ደቓይቕ ካብ ኢሪክ ዳየር፡ ኣሊሰን ሳነ ብዝቘጸረተን ሽቶታት ግና፡ 3-ብ2 መሪሓ፡፡ ዝኸ ወጽኢት ክሳብ ተወሳኺ ደቒቕ ዓቒቦቶ ብምጕዓዙ'ውን፡ ብኢጋኡ ሻምፕዮን ክትከውን ቀሪባ ነይራ፡፡

እንተኾነ፡ ኣብ መበል 94 ደቒቕ ሽቶ ስለዝተመዝገቦ፡ ሓሳብ ክሰምረላ ኣይከኣለን፡፡ እዛ ጋንታ፡ ወላ'ኳ ንድሕሪኣ ዘላ ባየር ለቨርኩሰን ብትሸዓተ ነጥቢ በሊጻታ ኣላ፡፡ ለቨርኩሰን፡ ሰለስተ ግጥማት ተሪፍዋ ብምህላው፡ እቲ ጉዕዞ ክሳብ ዝመጽእ ሰሙን ተናዊሑ ኣሎ፡፡

ኣብዛ ጸወታ፡ ወሳኒ ኣጥቃዓይ እዛ ጋንታ - ሃሪ ኬይን፡ ብሰንኪ ወሃሉል ሓሙሽተ ብጫ ካርድ ምቕጻዑ ኣይተሰለፈን፡፡ እዚ ኣብ ናይ ፕሮፈሽናል ጸወታ ግዜኡ ዋንጫ ኣልዒሉ ዘይፈልጥ ወዲ 31 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ዝመጽእ ቀዳም ኣብ ዝስለፈሉ ጸወታ ድርቂ ዋናጩ ከጥልል ትጽቢት ይግበረሉ፡፡



## ኣንቸሎቲ፡ ቅድሚ 25 ግንቦት ብዛዕባ መጻኢኡ ከምዘይዛረብ ኣፍሊጡ

ዓላሚ ሪያል ማድሪድ - ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ድሕሪ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ምስ ክለቡ ብዛዕባ መጻኢኡ ክዘራረብ ምዃኑ ኣፍሊጡ፡፡

ዝሓለፈ መዓልታት ንብራዚላዊት ጋንታ ብራዚል ክዕልማ ተሰማሚዑ ዝተባህለሉ - ካርሎ፡ ድሒሩ እቲ ስምምዕ ምፍራሱ ተቓሊሑ'ዩ፡፡ ዛጊት ብዛዕባ መጻኢኡ ድማ ብዙሕ ይውረ ኣሎ፡፡ ምስዛ ዓርሞሸሽ ሰዓናዊት ጋንታ ዳዩ ክቕጽል ወላስ ናብ ብራዚል ክሰግር ወይ ናጻ እዩ ክኸውን ከኣ፡ ቅድሚ 25 ግንቦት ከምዘይዛረብ ኣፍሊጡ፡፡ እዛ ጋንታ፡ ኣብታ ዕለት ኣብ ሜዳኣ ንሪያል ሶሴዳድ ዓዲማ ናይ መወዳእታ ላ'ሊጋ ጸወታ ክተሰላስል እያ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ማድሪድ፡ ሎሚ ንሰልታ ቪጎ ዓዲማ ኣብ እተሰልስሎ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ንኣጥቃዓያ ሮድሪጎ ኣይክትጥቀመሉን እያ - ብሰሪ መጕዳእቲ፡፡

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ጺህያ
ፋርማሲ ደንደን
ፋርማሲ ፍረ-ዓወሎዕ

ዕለት
04/05/2025

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ጎደና
ጎደና ፒጀረት -751ጥቓፍ-ብጋ ፈኖ ቀዴሕ ባሕሪ
ጎደና -117-15 ጥቓ ሽል ዑቕበ ሃይለ
ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁጽሪ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ

ቁ.ስልኪ
188159
121140
163485